## *“ረድኤተይሲ ካበይ እዩ ዝመጸኒ” 2ይ ክፋል*

### *ካብ ዝተሓለኻዮ ግናኸ ክትሕልዎ ዘይተኻእለካ ይሕልወካ*

ጸሓይ ብመዓልቲ፣ ወርሒውን ብለይቲ ኣይኪወቕዓካን እዩ (መዝ.121፡6)
መዝሙር 121 እስራኤላውያን በዓላት ኣይሁድ ንምኽባር ከካብ ዝነብርዎ ንየሩሳሌም ኣብ ዓመት ሰለሰተ ሻዕ (በዓል ዳስ Sukkot ዘሌ.23፡24፤ በዓል ፋስጋ Pessah ዘጸ. 12፡15 ፤ በዓል ሰናብቲ Shavuouት ዘዳ.16፡10 ) እንተ ዘይተኻእሎም ግና ግድነት ኣብታ ሓንቲ ክመጹ ነይርዎም። እዚ መዛሙር ምድያብ (መዝ. 120 ክሳብ 134 ) ክድይቡ ኸለዉ ዝዝምርዎ ኮይኑ ብፍላይ ድማ መዝሙር 121 ንሐለዋ ዝምልከት ክኸውን ከሎ ዝዝምርዎ መዝሙር ነበረ። እታ ምዕራፍ ኣብ 8 ጥቕስታት 6 ሳዕ ዝኣኽላ ንሓለዋ ዝምልከት ቃላት ተረቑሓን ኣለዋ። ከመይሲ እቶም ተጉዓዝቲ ( Piligrims) መገዶም ኩሉ ብኸተርቲ እተመልኤ ስለዝነበረ ወትርግ ኣምላኽ ምጽዋዕ ኣየቋርጹን ነበሩ።

ሒዞሞ ዝመጹ መስዋእቲ ዓመት ምሉእ ገለ ጉድለት ከይርከቦ ኣብ ጸጽባሕ ኩለንትናኡ ምሉእ ምኳኑ ሃሰስ እናበሉ ተኸናኺኖም ዝሓዝዎ ዕየት ኣብ መንኩቦም ጾይሮሞ እዮም ዝጉዓዙ። ኣብ መንገዲ ገለ ክፍሊ ኣካላት እንተጎዲሉ ክምለሱ እምበር ሒዞሞ ንየሩሳሌም ክድይቡ ኣይክእሉን እዮም። ነዚ ክልውጡ ክብሉ እዮም ኣብ ጊዜ ሮማውያን ማለት ጎይታ የሱስ ኣብ ዝነበረሉ እዋናት ኣብ ቤት መቕደስ ዝሸየጥ መስዋእቲ ተጣቢቦም። እቲ ባጤራ ድማ ብባጤራ ቄሳር ክኸውን ስለዝነበሮ መሸረፍቲ ድማ ኣብቲ ቤተ መቕደስ ዝነበሩ። ጎይታ ብጩግራፍ ዝሰጎጎም ነዚኦም ነበረ (ዮሃ.2ዕ14፡15)

እዚ ንኽገብሩ ነየሩሳሌም ክድይቡ ኸለዉ እቲ መገዶም ባዕሉ ብኣኽራን እተኸበ ርባ ድነ ሞት ነበረ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ዓቕሊ ጽበትን ፍርሃትን ራዕድን ክኾኑ ከለዉ “ *ኣዒንተይ ናብ ኣኽራን ኤልዕል ኣሎኹ። ረዲኤተይ ካበይ እዩ ዚመጸኒ?”* ኢሎም ይሓቱ። ናብ ኣኽራን ኣዒንቶ ዝገበሩሉ ምኽንያ እቲ ልሙድ ቦታ መሓለዊ ንሱ ስለዝኾነ እሞ ሕጂ በቶም ከተርቲ ተታሒዙ ስለዘሎ ብተወሳኺ ኣብኡ ድማ ካብቲ ሕጂ ከቢብዎም ዘሎ ጸበባ ከናግፎም ዝኽእል እተዳለወ ሰራዊት ከምዘየሎ ርእዮም እዮም። ናብኡ ገጾም እንተ ኣማዕደዉ ‘ ረድኤት ‘ የልቦን። እሞ እንታይ ድኣ ይግበሩ?

ረድኤተይሲ “ ካብቲ ነኽራን ጥራይ ዘይኮነስ ነቲ ኣኽራን ቆይሙሉ ዘሎ ‘ ምድሪ ‘ ከምኡውን ነቲ ልዕሊ ኣኽራን ቆይሙ ዘሎ ‘ሰማይ’ ዝፈጠረ ‘እግዚኣብሄር’ እዩ ኢሉ ባዕሉ ካበይ እዩ ዝመጻና ኢሎም ሓቲቶምስ ባዕላቶም እንደገና “ ረዲኤተይሲ ኻብቲ ሰማይን ምድርን ዝገበረ እግዚኣብሄር እዩ ዚመጸኒ “ ኸኣ ኢሎም መሊሾም። እዚ ዝገበሩሉ ኢለ እኣምን ‘ ቅድሚ ሕጂ እተለማመድዎ’ ሓለዋ ከምዝነበረ እዩ ዘርእያካ።

ዓለምና ሃብታም ምስ ገንዘቡ ሓኪም ምስ ፍልጠቱ ፍታሕ ዝሰኣነሉ ሕማም እዩ መጺእዋ ዘሎ። ኣብዚ እዋናት እዚ ይትረፍዶ ንዓና ንኣመንቲ ነቶም ኣምላኽ ዘይፈልጡውን “ረድኤተይሲ ካበይ እዩ ዝመጸኒ “ዝብል ኮይኑ ኣሎ። እቲ ፍልልዩ ንሕና “ካብቲ ሰማይን ምድርን ዝፈጠረ እዩ “ ዝብል ምላሽ ኣሎና። ሕጂ ኣምላኽ ዝኾፈተልና ደገ ንወንጌል እዩ እሞ ንጠቕመሉ። ሃየ ድማ ንቴሌቪዥን ጋዜታ ዮ ትዩብ ምርኣይን ምስማዕን ንቕንስ! ምሉእ ኣቓልቦናን ቆላሕታናን ናብቲ “እግርኻ ክሳናኽል ዘይግድፍ፤ ዘይታኸስን ዘይድቅስን “ ሓላዊና ይኹን።

ሻሎም ኣለይኽም (ብእብራይስጢ שָׁלוֹם עֲלֵיכֶם ፡ ሰላም ንዓኹም ይኹን